**21/06/2010**

# 64 ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ ምሸት ናብ ሳልሳይ ሃገር ክሰጋገሩ'ዮም፡፡

ንስርዓት ህግደፍ ራሕሪም ናብ ዝተፈላለዩ ጎሮባብቲ ሃገራት ዝስደዱ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ'ውን ኣየዕረፉን፡፡ ናብ ኢትዮጵያ ዝተሰዱ ክሳብ ግንቦት 2010፣ ዘሎ ግዜ ቁጽሮም 50,718 ክበጽሕ ከሎ፡ ኣብ ሓሙሽተ መዕቆቢ ስደተኛታት፣ ማለት ኣብ ትግራይ፡ ሽመልባ፣ ማይ-ዓይኒ፣ ዓዲ-ሓሩሽ፡ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ዓፋር ድማ፡ ኣብ ኣስሓይታን በርሓለን ከምዘጽለሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝስደዱ ኤርትራው በብወርሒ ካብ 1,800 ንላዕሊ ዶብ ኣቋሪጾም ክኣትዉ ከለዉ ካብዚኣቶም ውሽጢ ካብ 45% ንላዕሊ ዝኾኑ ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ከምዝኾኑ'ውን ብተወሳኺ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ፡፡

መስርሕ ምስግጋር ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ናብ ሳልሳይ ሃገር ኣብ ምስልሳል ይርከብ፡፡ ከም መርኣያናቱ ድማ ካብ 2006 ክሳብ መወዳእታ ወርሒ 2009 ዘሎ ግዜ፡ 5,822 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሳልሳይ ሃገር ከምዝተሰጋገሩ፡ ጸብጻብ ቤ/ጽሕፈት ምምሕዳር ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ ይገልጽ፡፡

ብዘይካዚ ብተወሳኺ ስደተኛታት ናብ ዝሓሸ ሃገር ተሰጋጊሮም፡ ናብርኦም ብዝሓሸ መንገዲ ክመርሕሉ ዝኽእልሉ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ግደ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኽ ስደተኛታት ድማ ዘይርሳዕ ረዚን ታሪኽ'ዩ፡፡ ብጻዕሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ን6,800 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ዕድል ከምዝተዋህበ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘለና ዓመተ 2010፣ 3,100 ኤርትራውያን ስደተኛታት ክሰጋገሩ ኣብ መስርሕ ይርከብ፡፡ ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመተ 2010፣ ምስዞም ናይ ሎሚ ምሸት ኣብ ምስግጋር ዝርከቡ 64 ኤርትራውያን ስደተኛታት ደሚርካ፣ 887 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሳልሳይ ሃገር ከም ዝተሰጋገሩ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ፡፡

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ቁጽሪ ናይ ዝተሰጋግሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብዘን ዝስዕባ ሃገራት'ዮም ተሰጋጊሮም፡፡ ኣሜሪካ 731፣ ኖርወይ 121፣ ካናዳ 27፣ ኣውስትራልያ 08'ዮም፡፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ'ዚ ዓመት ክሰጋገሩ ምኺኖምን ኣብ መስርሕ ከምዝርከቡን፡ ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ ይገልጽ፡፡

ነዘም ሎሚ ዕለት ናብ ሳልሳይ ሃገር ዝሰጋገሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት፣ ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ ብክብ ዝበለ ናይ መፋነዊ ግብዣ ጌርሎም፡፡
ካብ ዝሓለፈ







iman


IOM·OIM